# ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ ንውለድካ ዝሰማማዕ መግቢ ኣብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ

## ምምልካት ብዛዕባ ንውላድካ ዝሰማማዕ መግቢ

ኩሎም ተመሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጥዑምን መኣዛ ዘለዎ መግቢ ንኽበልዑ መሰል ኣለዎም። እቲ ቀንዲ ነገር ግን እቲ ውላድ መርመራ ካብ ክፍሊ ሕክምና ወይ ኣብ ቤት ትምህረቲ ክግበረሉ ኣለዎ።

## ንውላድ ዝሰማማዕ መግቢ ንምሕታት እንተድኣ ኣድልዩ ብኸምዚ ኣገባብ ጌርካ ተመልክት

- ብምኽንያት መድሃኒታት
- ብርኡይ ወይ ብብሩህ ዝኾነ ምኽንያት
- ድልየት መግቢ ቨጋን

ፍሉይ መግቢ ዝበልዕ ተመሃራይ ኣሕምልታዊ መግብን ከምኡእውን ስጋ ሓሰማ ዘይበልዕ ውላድ መግቢ ቨጋን ንኽበልዕ ብወረቐት ምምልካት ኣየድልን ።

## ብዲጂታል ኣብ ቤት ትምህርቲ ጌርካ ተመልክት

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ዌብ " ናይ ቤት ተምህርቲ ሰሌዳ መግብታት" ትረኽቦ። እንተድኣ ብዲጂታል ጌርካ ንኽትመልእ ምስ ዘይትኽእል ኮንካ ብወረቐት መሊእካ ንመምህርካ ትህብ።

## ውላድ ዝሰማማዕ መግቢ ንኽወስድ ነብሲ ወከፍ ዓመት ተረጋግጽ

በዚ ሓድሽ ዲጂታል ዝምላእ፤ ሓደ ግዜ ጥራይ ትመልእ፤ ብድሕሪዚ ውላድካ ክሳብ ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝቕይር ወይ ድማ እቲ ዝነበረ ኩነታት ለውጢ ምስ ዝፍጠር ። ኣብ መጀመርያ ወርሒ መስከረም ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝኸፈተሉ እዋን ብኢመይል እቲ ተወሲኑልካ ዘሎ ፍሉይ መግቢ ከምኡ ኢሉ ዝቕጽልን ዝይቅጸልን ምዃኑ ንምፍላጥ ንሓትት። እንተድኣ ከምኡ ኢሉ ከቕጽል ኮይኑ ሓድሽ ወረቐት ምምላእ ኣየድልየካን እዩ።

## እዚ ዝምላእ ወረቐት ብዛዕባ

- ምናልባት ናይ ውላድ ድልየት ለውጢ ምስዝፍጠር

- ተመሃራይ ቤት ትመህርቲ ምሰ ዝቕይር

# ክፍሊ ሕክምና ወይ ድማ ቤት ትምህርቲ ድልየት ምስዘድሊ መጽናዕቲ የካይዱ

ናይ ውላድካ ምዝገባ ምስተላእከ ቤት ትምህርቲ ምሳኻ ምእንቲ ናይ ውላድካ ድልየት ንምፍላጥ ቆጸራ ይሕዝ። ብምኽንያት መድሃኒታት ምስ ዝህሉ መረጋገጺ ናይ ሕክምና ወይ ካብ ናይ ደብተር ሕማም ካብ ክፍሊ ሕክምና ተቕርብ።

## ብሰንኪ መድሃኒት ዝሰማምዐካ መግቢ ፤ እዞም ኣብ ታሕቲ ነዝርዝሮም ንኽውሃበካ ካብ ክፍሊ ሕክምና ሒዝካ ትመጽእ።

- **ንጸገማት ዝሰማምዑ፤** ብሰንኪ መግቢ ንምሕያኽን፤ ንምውሓጥን
- **ምውሳኽ ሓይሊ**፤ ብዙሕ ሓይሊ ዝህቡ መግብታት
- **ውሑድ ሓይሊ ፤ንኣብነት** ክብደት ካብ መጠን ንላዕሊ ምስዘኸውን፤ ምርጓድን ናይ ሜታቦል ሕማምን።
- **ንሕማም ሽኮርያ ዝሰማማዕ መግቢ**
- **ንካልኦት ሕማማት ዝክሰማምዑ መግብታትን።**

## መረጋገጺ ወይ ድማ ናይ ሕማም ደብተር

ውላድ ዝገብሮ መርመራ ኣብ ክፍሊ ከንክን ትዕና ኣብ ሽወድን ክኸውን ኣለዎ። እቲ መረጋገጺ ወረቐት ወይ ድማ ናይ ሕክምና ደብተር፤ ብሓኪም ውይ ድማ ብናይ መግቢ ክእለት (ዲየቲስት) ወይ ድማ ብኣላይት ሕሙማት (ነርስ) ብቋንቋ ሽወደን ዝተጻሕፈ ክኸውን ኣለዎ።

## ቤት ትምህርቲ   ቅቡል ዝብሎ እኹል ምኽንያት

ብፍልይ ዝበለ ምኽንያት ንስኻ ውላድካ እቲ ልሙድ መግቢ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃቦ ምስ ዘይክእሎ ኣብቲ ቦታ ክፍሊ ቤት መግቢ ወይ ድማ ኣብ እቲ ልሙድ ክፍሊ መግቢ። ንሓድሓደ መግብታት ምስ ዘይሰማምዖ እኹል ምኽንያት ምስዝህልዎ። እኹል ምኽንያት ኮይኑ ምእንቲ ትምህርቱ ንኽከታተል ይፍቀድ።

ተመሃራይ ኩሉ ግዜ እቲ ልሙድ መግቢ ይበልዕ፤ ዋላ እኳ እቲ ክሽነ ካልእ መግቢ ዝሰማማዕ ምስ ዝሰርሕ። እንተድኣ ዝከኣል ኮይኑ ተመሃራይ ቅሳነት ወሪዱዎ ነቲ ልመድ መግቢ ይበልዕ።

## መግቢ ሸጋን ንምምጋብ ኣኼባ ወይ መጽናዕቲ ኣየድልን እዩ።

ሓደ ተመሃራይ ካብ ቤት ትምህርቲ ምስዘበኩር ፤ ብተወሳኪ ድማ ንዕኡ ዝሰማማመዕ መግቢ ዝበልዕ እንተኾይኑ ንክፍሊ ክሽነ ትሕብር። ውላድካ ካብ ዕረፍቲ ምስተመልሰ ንክፍሊ ክሽነ ውላድካ ከም ዝተመልሰ ትሕብር።

## ውላድ ዕረፍቲ ክወስድ እንተድኣ ኮይኑ ትሕብረና

ሓደ ተመሃራይ ካብ ቤት ትምህርቲ ምስዘበኩር ፤ ብተወሳኪ ድማ ንዕኡ ዝሰማማመዕ መግቢ ዝበልዕ እንተኾይኑ ንክፍሊ ክሽነ ትሕብር። ውላድካ ካብ ዕረፍቲ ምስተመልሰ ንክፍሊ ክሽነ ውላድካ ከም ዝተመልሰ ትሕብር።

### እንተድአ ተመሃራይ ዝተወሰነሉ ዝሰማማዕ መግቢ ምሰዘይበልዕ

ተመሃራይ ን 14 መዓልትታት ዝሰማማዕ መግቢ ምስ ዘይበሊዑ፤ ብተወሳኺ ድማ ሰራሕተኛታት ክሽነ ሓበሬታ ምስዘይወሃቦም እቲ ጉዳይ ይዕጾ። እንተድኣ እቲ ተመሃራይ ዝሰማምዖ መግቢ ክውስድ ምስ ዝደሊ ከም ብሓድሽ የመልክት።

## ርክብ

ኣድላዪ ሓበሬታ ብዛዕባ ፍሉይ ግቢ ኣብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ፣ ርክብ ምስ ናይ ቤተ ትምህርቲ ክሽነ ወይ ድማ ምሰ መኽትል ሓለቓ ቤት ትምህርቲ ትዛረብ።